# ጠላም ድሙ

## *ዋዛ ምስ ቁምነገር*

ይብሃል፡ ሓደ እዋን ድሙን ኣንጭዋን ብርቱዕ ፍቕሪ ተፋቐሩ። ድሕሪ ቑሩብ እዋናት ድማ ሰበይቲ እቲ ኣንጭዋ ወለደት። ሓደ እዋን ሰብኣያ ዝብላዕ ኽምእርር ንበረኻ ምስ ወፈረ፡ ወዮ ፈታዊኦም ድሙ፡ ሓራስ ሰይቲ ዓርኩ ኽበጽሕ መጸ። “በሊ እንቋዕ እታ ነፍስኺ ረኺብኪ፡” ኢሉ ድማ ክንደይ ከም ዝወለደት ሓተታ። ንሳ ኸኣ፡ “ሾመንተ” ኢላ መለሰትሉ። ወዮ ድሙ ተሓጒሱ፡ “ጽቡቕ፡ ጽቡቕ፡ ደቅኹም ሾመንተ፡ ንስኺ ታስዓይቲ፡ ሰብኣይኪ ድማ ዓስራይ፡ እኹላት ስድራ ቤት እምበር ኰንኩም፡” ኢሉ ወጸ። ወጺኡ ግና በቲ ዶጒል ተሓቢኡ ኣኹረጠ።

እታ ሓራስ ኣንጭዋ፡ እቲ ድሙ ዋላ ባህ ኣይበላን፡ “እንታይ ዘረብኡ እዩ እዚ” ኢላ እናተገረመት ከላ ሰባኣያ ደበኽ በለ።

ሽዑ ንሰብኣያ፡ “ንስኻ ወፈርካ ከሎኻስ ወዮ ፈትዊና ዓርክኻ ድሙ ኺበጽሓኒ መጺኡ ነይሩ። ግናስ ዘገርም ዘረባ ሰው ኣቢሉለይ ከይዱ፡ ኣነ ኸኣ ኣተሓሳሲቡኒ፡” በለቶ። “እሂ! እንታይ ኢሉኪ እዩ ኸይዱ? እስከ ንገርኒ፡” ኢሉ እቲ ሰብኣያ ሃወኻ። ንሳ ኸኣ፡ “ክንደይ ደቒ ወሊድኪ ኢሉ ሓቲቱኒ። ኣነ ድማ ሾመንተ ደቒ ወሊደ ኢለ ነጊረዮ። ድሕሪ’ዚ ንሱ ኸኣ ትቕብል ኣቢሉ፡ ‘ዋእ! ጽቡቕ፡ ጽቡቕ . . . ጽቡቕ እምበር! ደቅኹም ሾመንተ፡ ንስኺ ታሽዓይቲ፡ ሰብኣይኪ ድማ ዓስራይ፡ እኹላት ስድራ ቤት እምበር ኰንኩም፡’ ኢሉ ኢድ ነሲኡ ወጺኡ ኸደ፡” ኢላ ቃል ንቓል ኣዘንተወትሉ።

እቲ ድሙ እታ ሓራስ እንጭዋ እቲ ኹሉ ነቲ ሰብኣያ ኸተዘንትወሉ ዝጸንሐት ኣብታ መሕቢኢቱ ኾይኑ ተጸቒጡ ይሰምዕ ነበረ።

እታ ሰበይቱ ብዝነገረቶ፡ እቲ ተባዕታይ ኣንጭዋ፡ ኲርዩ፡ ግና፡ “እሞ እዚ ድኣ እንታይ ዘተሓሳስብ ኣልዩዎ . . . ዓርከይ ድሙ ደሓን እዩ ኣብ ቅድሚ ኣንስቲ ጃህራ እዩ ዚፈቱ። እዚ ኸኣ ስራሕ ቀደሙ እዩ . . . ኣይትፍርሂ . . . ኣጆኺ . . . ደሓር ከኣ ደይ ተረፍ ቅንኡ እዩ ከምኡ ዝበለኪ . . . እዚ ደሓን እዩ፡” ኢሉ ንሰበይቱ ኸደዓዕሳ ፈተነ።

ወዮ ድሙ ነዚ ዘረባ እዚ ምስ ሰምዐ፡ ዘሊሉ መጺኡ ነቲ ኣንጭዋ ብድሕሪኡ ከረው ኣቢሉ ዓትዓቶ። ወዮ ኣንጭዋ ድማ፡ ብስንባድ . . . “ዓርከይ ድሙ፡ ዓርከይ ድሙ፡ ኣይንኣኻን’የ . . . ኣይንኣኻን’የ! . . . ሕደገኒ! ሕደገኒ!” በጃኻ ሕደገኒ ኢሉ ብሓውሲ ልማኖ እኳ እንተ ኣቃባጠረ፡ ድሙ ጸማም እዝኒ ሂቡ ንሕስያ ዘይብሉ በዘቶ። እሱ ከይኣኽሎ ድማ፡ ነታ ሓራስ ኣንጭዋን ህጻናት ደቃን፡ ንዓሰርቲኦም ቀቲሉ፡ ቆራጢሙ ኣፉ እናልመጸ ወጸ፡ ይብሃል።

> እዚ ንሰብ ትምህርቲ ንክኸውን ብድሙን ኣንጭዋን ዝተነገረ ቁምነገር ሓዘል ጽዊጽዋይ እዩ።እሞ፡ እቲ ናይ ድሙ ጥልመትን፡ ግርህና ናይቲ ኣንጭዋንሲ ምስ ባህርያት ሰብ ከመይ ይነጻጸር?